እንካብ ዝኀዙ ንደኃር ግን "ከም ሥርዓት ወልዱን ሱባጋድስን ትወሓስዶ?" ብዝብል ውዕሊ ክሳዕ ሎሚ ይፍጸም ኣሎ። ውዕልታት ምስ ተፈፀመ፡ ቀጺሉ ብወገን እዳ ጓል ንመርዓውን መርዓትን ዝወሃብ ገዝሚ "ብርኪ" "ፀመር"፡ ተብሂሉ ይግለፅ፣ ብኢድ'ቱ እዳ ወዲ ዘቕረብዎ ሰብ ከዓ ይወሃብ። እዙይ ብመልክዕ ንብረት-ገዛን እንስሳ ዘቤትን ጥረ-ገንዘብን ክኾን ይኽእል። መርዓት ከዓ ንክልተ/ሠለስተ ሰሙን ዝኣክል ኣብ እዳ መርዓዊ እናተሓፀነት ቀኒያ ብመርዓውኣን በዕርኽትን ተዓጂባ ናብ እዳ'ቦኣ ትምለስ።

ምንም'ኳ ብምክንያት ምትሕውዋስ ባህልታትን ምንቅስቓስ ሕዝብን (mobility) ኩነታት ጊዜን ብዙኅ ለውጢ ይረአ እንተሃለወ (ንኣብነት ታሕቲ ኣብ ገጽ 58 ረአ)፡ ዓዲ ኢሮብ ዝበጽሐ ወይ ዝተቐመጠ ሰብ ብቐሊል ክስተውዕሎም ዝኽእል ከም ባህላዊ መፈለጥታታት ኢሮብ ክጥቀሱ ዝከኣሉ ባህልታት ኣሎዉ ኢዮም። ንኣብነት፡-

ኢሮብ፡- <u>ባህላዊ ምግቦም</u> - ገዓት(-ጠስሚ)፣ ሥጋ (..."ግዕዝም"፡ "ቃጣይን"፡ "ኡሉዕ-ቡይሳ"[41])፣ ፀባ፣ መዓር፣ ቡርኵታ፣ (ቀደም ጣይታ ኣይነበረን)፤ ሎሚ ግን ምንም'ኳ ዋሕዲ ዝናብ ዘለዎ ኣካባቢ እንተኮነ ኣብ ካልእ ኣካባቢ ትግራይ ዝርከብ መብዝኅቶኡ ዓይነታት ምግቢ፡ ጥሕሎ ቊጫ ቆሎ ገዓት እንጀራ ወዘተ ካብ'ቶም ቀንዲ ዝፍለጡ ባህላዊ ምግብታት ኢዮም።

<u>ባህላዊ ኣበሳስላ ምግቢ</u>፣ ሥጋ ኣብ ሶላ (ናይ ኦሪት)።

ኣበዓዕላ ኵሎም በዓላት ክርስትና ከም'ቱ ናይ ካልእ ዶግዓታይ ኵይኑ እንካብ ካልኦት ብተወሳኺ ፍልይ ብዝበለ <u>ባህላዊ ሥርዓት</u> ዝኽበሩ ሕዝባውያን በዓላቶም መስቀል፣ ቅዱስ ሚካኤል ህዳር፣ ቅዱስ ሚካኤል ሠነ ኢዮም፣ ሥጋ ብሶላ - ትኪ ከም ዕጣን ናብ ሰማይ እናዓረገ። መስቀል ንቐርኒ ከፍቲ ምልኻይ፣ ከማኡ'ውን ንዝሓተ-ደም፤ (ተረፈ ኦሪት ዘውረሶ ባህሊ ኢዩ)። እንስሳ እንክሕረድ ብስመ ሥላሴ ተሰሚዩ ናብ ምብራቕ ገጹ ገይርካ ኢዩ። በዓል መስቀል

41 "ግዕዝም"፡ ኣድቂቕካ ዝተመትረ ሥጋ ምስ ውሑድ ጽሩይን ምቁርን ስብሒ ኣወሃሂድካን ቅመም ገይርካን (ከም'ቱ ናይ ፈረንጂ ግዕዝም "sausage" ዝሥርሖ ዓይነት) ዝሰናዶ እንክኾን፣ "ቃጣይን" ዝበሃል ብቀጢን ብዝተዘልዘለ ሥጋ ኣብ ነዊሕ ዓቢይን ቀጢንን መዓንጣ ተመሊኡ ዝሥራሕ ኢዩ። "ኡሉዕ-ቡይሳ" ከዓ ብደም ናይ'ቱ ሓዲሽ ሕሩድ ጠል ወይ በጊዕ ዝሥራሕ ከም መኽፈት ቃሕታ መግቢ (ዊንታ) ዝብላዕ ኢዩ።



<u>ባህላዊ መስተኦም</u> - ብበዓላት ሜስ፡ ብርዚ፣ (ስዋ ቀደም ኣይነበረን)። ተራ መዓልቲ ፀባ፣ ብፍላይ'ውን "ሲሲዮ" ዝበሃል ፀባን መዓርን ሓዊስካ ዝሰናዶ፡ ከማኡ'ውን "ጎራሕጎራሕ" ዝበሃል ኣብ ሑቓን-ፀባ ካብ ላሕሚ ሓዲሽ ፀባ ብቅኑዕ ይሕለበሉ እሞ ፍሉይ ዓይነትን ፍሉይ ጣዕምን ዘለዎ ኮይኑ ዝሰናዶ። (እዙይ ንቈልዑ ፍሉይ ኃይልን ጥንካሬን ዝህብ ኢዩ።)

<u>ባህላዊ ሆራኦም</u> - "ኣሀየ ጉ'ማይቶ"..."ጉ'ማ ሓይሳም ናዺገ"[42]... ወዘተ. እንክኾን፡ ሆራ ኮነ ባህላዊ ደርፎም ብጕርብትና ብዝወረሱዎ ብቋንቋ ሳሆ እንተኮነ'ኳ፡ ጥንታዊ ወገኑ ናይ ዝኾነ ናይ ትግርኛ ሆራን ደርፍን እውን ዝውቱር ኢዩ። ከማኡ'ውን "ቱታ..ቱታ..ቱታ" እናበልካ፡ ናህረኛን ሠራሕ-መስተንክርን ምኧንካ ዝገልፅ፡ ናይ ተባዕነትን ጀግንነትን ቃላት ተጠቒምካ ዝግበር ግጥምታት-ፈኸራ "ኤተሮ" ይበሃል[43]።

<u>ባህላዊ ጸወታኦም</u> - ከም ናይ ኵሉ ሕዝቢ ዓጋመ እንክኾን፡ ብፍላይ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ዝዝውተር "ላቲቲያ" ዝበሃል ጸወታ ኣሎ፣ መንእሰያት ጥንክርናኦም ዘረጋግጹሉ ዓይነት ጸወታ ኢዩ፤ ከማኡ'ውን ዝላ፡ ገበጣ፡ ቅልስ፡ "ፋታና'ዳ'" ("እምኒ-ኃይሊ"/"እምኒ-ፈተና") ዝበሃል ከቢድ እምኒ ብሓንቲ ኢድካ ምልዓል፡ ኣብ ቅልጽምካ ኣብትርቲ ምስባር ዝመስሉ ናይ ጥንክርና መፈተንን ናይ ውርርድን ዝኾኑ ጸወታታት ኣሎዉ። መዘናግዒ ዓይነት ጸወታታት ከዓ፡- "ዲደ..ዲደ" እናበልካ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ-ባህላዊ ኣነባብራኻን ሃገርካን ጥሪትካን፡ ብመልክዕ ትዝታ ምስ "ፎዲማ" (ሻምብቆ/flute) እናወሃሃድካ እትዝምሮ መዘናግዒ ኣሎ። ካልእ ናይ ቈልዑ መዘናግዒ'ውን "ጊሊ-ቃማድ" ዝበሃል ኣሎ። ከማኡ ከዓ ስነ ኣእምሮን ምምርማርን ዘጕልብት ንህንፀት-ሕፃናት ዝጠቅም ምሸት ኣብ ዙሪያ ሓዊ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ዝግበር "ሲምቦ ሲምቦት" (ሕንቅሕንቅሊተይ) እናበሉ

42 ቀደም ኣብ ጊዜ ኵናት-ሃገር ምስ ጸላኢ ኣብ ዝግበር ምርብራብ ክብርኻ ክደፍረካ ንዝመጸካ ጸላኢ ኣሸኒፍካ ኣደዳ ጉማ ክትገብሮ ከምዝኾንካ ዘረድእ ባህላዊ ሆራ ኢዩ። ትርጕም ሓሳቡ ከዓ "ንቐል ጉማ፡ ዘዐንግል ምሳሕ ክትረክብ ኢኻ" ዝብል ኢዩ። ኣብ ትግርኛ እንተኾነ'ውን ከምዙይ ይበሃል ኢዩ፡- "ክለዓል በለ" (ሠራዊት) "ጉማ ዓለለ" (ኣደዳኡ ክረክብ ማለት'ዩ)።

43 ንኣብነት ፡ ኣብ ማእኸል ሰባኡት/ባይታ/ መዛሪያ ወይ ጉራዴ ዓቲሩ እናወጣወጠ:- "ቱታ! ቱታ! ቱታ! ዳካኒ ፉሉይቲ፡ ዓሮራ' ሲላይቲ፡ ሉባክ ማዲሓይቲ፡ ዓራናል ጊራይቲ፡ ባጾል ዔሳይቲ፡ ኢናት ኣባሮሊ፡ ኡማማድ ጊደሊ፡ ወዘተ." ብምባል፡ ካብ ኵርናዕ ናብ ኵርናዕ እናተንቀሳቀሰን እናተሃንደደን ይፍክር።